ደደቢት ትካል ልቓሕን ዕቋርን ኣ/ማ ብትን ጨርቂ ብጣቓ ንሰራሕተኛታት ክዳን /Uniform/ ብጨረታ ኣወዳዲሩ ክዕድግ ስለ ዝደለየ

ዝወፀሉ መዓልቲ: ረቡዕ ሓምለ 9, 2017 ( ቅድሚ 8 ወርሒ)
ዝዕፀወሉ መዓልቲ: ዓርቢ ሓምለ 18, 2017 03:30 ቅደሚ ሰዓት (ሓሊፉ)
ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:2%
ቦታ:መቐለ
ናይ ደኩመንት ዋጋ:200
ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: ዓርቢ ሓምለ 18, 2017 04:00 ቅደሚ ሰዓት
መደብ: ጨርቃ መርቂን ኣልባሳትን/

ዕለት 16/07/2025

ቁፅሪ 20/3445/10/2025

ንኻልኣይ ግዜ ዝወፀ ምልክታ ጨረታ

ደደቢት ትካል ልቓሕን ዕቋርን ኣ/ማ ብትን ጨርቂ ብጣቓ ንሰራሕተኛታት ክዳን /Uniform/ ብጨረታ ኣወዳዲሩ ክዕድግ ስለ ዝደለየ ክትጫረቱ እትደልዩ ሕጋውያን ትካላት በዚ ሲዒቡ ተዘርዚሩ ዘሎ ረቛሓታት መሰረት ንክትወዳደሩ ይዕድም።

1. ተጫረቲ ናይ መቕረባይ ፍቓድ ናይ ግብሪ ከፋላይ መፍለይ ቁፅሪ/TIN/፡ ናይ 2017 ዓ.ም ሕጋዊ ዝተሓደሰ ንግዲ ፍቓድን ናይ ቫት ተመዝጋቢ ምዃኖም ከምኡ ናይ ወርሒ መጋቢት ዲክላረሽን ከቕርቡ ዝኽእሉ፤

2. ተጫረቲ ካብ ዘቕረብዎ ጠቕላላ ዋጋ ካብ 2% ዘይነኣሰ ናይ ጨረታ መኽበሪ ካብ ፋይናንሻል ትካላት ሕጋውነቱ ዝተረጋገፀ CPO ብፖስታ ዓሺጎም ከቕርቡ ይግባእ፤

3. ናይቲ ንብረት ፅሬትን መጠንን ዝምልከት ትካል ብዘቕረቦ ሳምፕል ከቕርቡ ዝኽእሉ፤

4. ዝርዝር ዝሓዘ ሰነድ ካብ ዕለት 09/11/17 ዓ.ም ጀሚሩ ደደቢት ትካል ልቓሕን ዕቋርን ኣ/ማ ጨንፈር ሓወልቲ ብር 200/ ክልተ ሚኢቲ ብር/ ጥራሕ ብምኽፋል ኣብ ስራሕ ሰዓት ክትወስዱ ትኽእሉ፤

5. ናይ ጨረታ መኽበሪ በቲ ኣብ ተራ ቑዕሪ 2 ዝተገ መሰረት ዘየቕረበ ተጫራቲ ካብ ጨረታ ዝስረዝ ምዃኑ ክፍለጥ ይግባእ፤

6. ናይ ጨረታ ውፅኢት ከይተፈለጠ ንባዕሉ ካብ ጨረታ ዘግለለ ተወዳዳሪ ንጨረታ መኽበሪ ዘትሐዞ ገንዘብ ናብ ትካል ኣታዊ ከምዝግበር ክፈልጥ ይግባእ፤

7. ናይ ጨረታ ሰነድ ነዚ ጨረታ ተባሂሉ ናብ ዝተዳለወ ሳንዱቕ ጨረታ ኣታዊ ዝግበረሉ ካብ ዕለት 09/11/2017 ዓ.ም እስካብ 18/11/2017 ዓ.ም ሰዓት 3:30 ናይ ንግሆ ኣብ ዘሎ ግዜ ይኸውን፤

8. ጨረታ ዕለት 18/14/2017 ዓ.ም ሰዓት 3:30 ናይ ንግሆ ናይ ጨረታ ሳንዱቕ ተዓፀዩ በቲ ዕለት ሰዓት 4:00 ናይ ንግሆ ተጫረቲ ወይ ሕጋውያን ወኪላቶም ኣብ ዝተረኽብሉ ኣብ ዋና ቢሮ ደደቢት ትካል ልቓሕን ዕቋርን ኣ/ማ ኣብ 4" ደብሪ ክፍሊ ፋይናንስ

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle

ይኸፈት። ተጫረቲ ወይ ሕጋውያን ወኪላት ብኣካል እንተዘይተረኺቦ እውን ሕጋውነቱ እስካብ ዝተረጋገፀ ናይ ጨረታ

9. ናይ ጨረታ ሰዓራይ ውፅኢት ምስተፈለጠ ካብ ጠቕላላ ዋጋ 10% ናይ ስራሕ ኣፈፃዕማ ውሕስና /unconditional performance bond/ ከትሕዝ ዝኽእል፤

10. ሰዓሪ ጨረታ ውፅኢት ጨረታ ተፈሊጡ ሰዓሪ ምዃኑ ካብ ዝተነገረሉ ዕለት ድሕሪ 5 መዓልቲ ኣብ ዘለዉ 5 ተኸታተልቲ መዓልትታ ውሽጢ ናብ ክፍሊ ዕደጋን ንብረት ምምሕድርን ቀሪቡ ውዕሊ ክኣስር ይግባእ፤

11. በቲ ኣብ ተራ ቁፅሪ 10 ዝተገለፀ መሰረት ኣብ ውሽጢ ሓሙሽተ ተኸታታሊ መዓልትታት ናብ ትካል ቀሪቡ ውዕሊ ዘይኣሰረ ሰዓሪ ጨረታ ንጨረታ መኽበሪ ዘትሐዞ 2% ናብ ትካል ኣታዊ ከምዝግበር ክፍለጥ ይግባእ፤

12. ትካል ዝሓሸ መማረፂ እንተረኺቡ ነዚ ጨረታ ብሙሉእ ይኹን ብኽፋል ናይ ምስራዝ መሰለ ዝተሓለወ እዩ፤

13. ተወሳኺ ሓበሬታ እንተተደልዩ ኣብ ዋና ቢሮ ደደቢት ትካል ልቓሕን ዕቋርን ኣ/ማ ሳልሳይ ደብሪ ቢሮ ቁፅሪ 307 ብኣካል ብምቕራብ ምሕታት ይካኣል እዩ።

© *መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ።* 2013 - 2026 Made with love in Mekelle